**ሃገ ራዊ ድሕነ ት ኤር ትራ - ሕድሪ**

-الأرت ري ن ال وط ني الان قاذ

ERITREAN NATIONAL SALVATION – HIDRI

## ውድባዊ መግለጺ ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ

ኣብ ተመክሮ ህዝባዊ ቓልሲ ከም ዝተዓዝበናዮ: ዝተወጽዔ ህዝቢ ወጽዕኡ ኣለልዩ : ብንቕሓትን: ሓድነትን :ብሓደ ውደባ ተጠርኒፉ እንተ ተቓሊሱ : ከምዝዕወት ብተመኽሮ ቓልሲ ዝተመስኸረ እዩ ::

እንሆ ሓይልታት ምክልኻል ትግራይን : ህዝቢ ትግራይን: ኣብዘን ዝሓለፋ ኣስታት ሸሞንተ ኣዋርሕ : ውሽጣውን ደጋውን ወረራ፤ ህልቀት ደቒ ሰባት፥ዓመጽ ደቂ - ኣንስትዮን፥ጥምየት ከም መሳርሒ ገርካ ምጥቓምን፥ንብረት ጥሪትን ምዝማትን፥ ምቕጻልን ፥ምዕናው ትካላትን ፤ ነዚ መሪር ኹናት ተጻዊርኩም : ብሳላ ውሕሉል ቓልስኹምን : ውፍያት ደቕኹምን :ንወረርቲ ሓይልታት ሓምሺሽኩም ኣብዚ ሓዲሽ ተእምራዊ ዓወት መድረኽ ምብጻሕኹም : ውድብና ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ ንምላእ :ህዝቢ ትግራይን : ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ዮሃና! እንቋዕ ሓጎሰኩም ንብል ::

ውድብና ሃ.ድ.ኤ. /ሕድሪ ብ 27 ታሓሳስ 2020 ዘውጽኦ መግለጺ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዘርጊሕናዮ ነርና ገለ ካባኡ ንምዝክኻር :-

- ካብ ደልየት ህዝቢ ኤርትራ ወጻኢ ዝኾነ መላኺ ሰርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ህግደፍ ዝፈጸሞ ሰይጣናዊ ተግባር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ንኹንኖ ::>
- እቲ ብዕለት 4 ሕዳር 2020 ኣብ ሞንጎ ክልል ትግራይን : ፈደራል መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝተኸስተ ኣዕናዊ ኹናት: መበገሲኡ ቅዋማውን :ፖለቲካውን ስለዝኾነ፥ ብዘተ ንክፍታሕ ጸዋዒት ኣቕሪብና ነርና ::

ሽክርነት መለክቲ ስርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቅን: ዶክ. ኣብይ ኣሕመድን ብውልቃዊ ጽልኢ ህወሓት ተላዕጢጦም ኣብ ልዕሊ ውጹዕ ህዝቢ ትግራይ ኣራዊታዊ ግፍዕን ወረራን ክፍጽሙ ድሕሪ ምጽንሖም :ሎሚ ፍሽለቶም ዝተረጋገጹ እዋን ኢዩ :: ንሕና ከም ኤርትራውያን መጠን ብተልእኾ መላኪ ኢሰያስ ኣፈወርቂ የሕዝና: ህዝቢ ትግራይ ንኩሉ ተጻብኦታት ሰጊርካ ንዓለም ዘደነቀ ዓቢ ብስራት ብዘመዝገብካዮ ዓወት ደጊማና ዮሃና ንብለካ::

ዘይቀንእ ኣይወለድ ከም ዝብሃል : ንሕና ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ ተቃወምቲ ወድዓዊ ኩነታት ናይ ሃገርና ኤሪትራን ዞባናን ህጹጽነት ናይ ቃልሲ እሓተና ስለ ዘሎ እታ እንኮ ፍታሕ ኩልና ኤሪትራውያን ደኤይቲ ለውጢን ተቃወምትን ብናይ ሓባር ጽላል መስሪትካ ቀዳምነትካ እንዳ ኣነጸርካ ምቅላስ ጥራሕ እዩ :::

ዓወት ንፍትሓዊ ቓልሲ ውጹዓት !!

ቤት ጽሕፈት ዜና ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ::

18 ሓምለ 2021